***09/06/2009***

# ጸረ ህዝቢ ስርዓት ኢሳይያስ ብላዕለዎት መራሕቲ መንግስቲ

# ኣብ ዞባ ደብባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዘካየዶ ኣኬባ ስለዝፈሸሎ

# ሕነ ናይ ምፍጻይ ስጉምቲ ይወስደ ኣሎ።

ስርዓት ኢሳይያስ ንህዝብን ሰራዊትን ብክልተ ጉጅለታት ከፋፊሉ "ስለምንታይ'ዚ ዞባ ክድፈር ክኢሉ? ዋሕዚ ስደት ዛይዱ?ተቃወምቲ ተደጋጋሚ ምእታው ምውጻእ የብዝሑ ኣለው።'ታይ ትገብሩ ኣለኩም" እናበለ ንሳምንታት ዝኣክል ዘጉባዕብዐ'ኳ እንተኾነ ክሰምረሉ ስለዘይክኣለ ኣብ ህዝብን ሰራዊትን ሕነ ናይ ምፍጻይ ስጉምትታት ይወስድ ምህላው ኣብቲ ከባቢ ዘለው እሙናት ምንጭታትና ሓቢሮም።

በመሰረት'ዚ ህዝቢ ዓፋር ብትካል ህግደፍ ዝኮነ ትካል ንግዲ ቀይሕ ባሕሪ 350 ኪሎ ወዲ ዓከር ብ500 ናቅፋ ሕሳብ ዝቐርበሉ ዝነበረ ዘከፋፍሉ የለውን ብዝብል ምስምስ ምክፍፋል ከምዝተቋረጸን ህዝቢ ኣብ ማያዊ ግዝኣት ሃገርና ብባህላዊ መገዲ ስራሑ ድራር ለይቲ ከየናዲ'ውን ብጽኑዕ ሓለዋ ብደው ከምዝተቐየደ ተጌሩ ኮነ ተባሂሉ ብጥሜት ክረግፍ ይግበር ከም ዘሎ ተፈሊጡ'ሎ።

ከምኡ'ውን ኣብ ሰራዊት ብፍላይ ኣብ ወታደራዊ ስለያ ኮነ ኢልኩም ኢኹም ሰብ ክሰግር ትገብሩ ዘለኹም ኣብ ዶባት ከለኹም ከመይ ጌሩ'ዚ ኩሉ ሰብ ስግረዶብ ይሃድም ብምባል ንሓላፊ ወታሃደራዊ ስለያ'ቲ ከባቢ ሃጸይነት ሓዊሱ ካልኦት ብርክት ዝበሉ ኣባላት ወተሃደራዊ ስለያ ከም ዝተኣሰሩን ዛጊት ሃለዋቶም ከምዘይተፈለጠን እቶም ጽጹይ ሓበሬታ ዘለዎም ውሽጣዊ ምንጭታትና ሓቢሮም 'ዮም።

ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ዞባ ደብባዊ ቀይሕ ባሕሪ ብዘጋጥም ዘሎ ከቢድ ተቃውሞ ተሰናቢዱ ንመራሕቲ ቀቢላን ንመላእ ሰራዊትን ንልዕሊ ክልተ ሳምንታት ናይ ምርግጋእ ፈተነ ጌሩ። ከምዝፈሸሎ ምግላጽና ይዝከር።

---------------------------------------------------//////////------------------------ --------------------------------

***09/06/2009***

## *ስርዓት ኢሳይያስ ጸረ መንግስቲ ሱዳን ንዝንቀሳቀሱ ዕጡቃት ምብራቅ ሱዳን ታዕሊም ይህብን ደገፍ ዕጥቅን ስንቅን ይገብርን ከምዘሎ ተፈሊጡ።*

እሙናት ምንጭታት ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ድምጺ ወጋሕታ ከምዘረጋገጹልና- ስርዓት ኢሳይያስ ክልተ ሽሕ ንዝኮኑ ኣባላት ተቃወምቲ ምብራቕ ሱዳን እንዳተዋፈሩ ግብረሽበራዊ መጥቃዕቲ ክፍጽሙ ዝሕግዞም ስልጠና ዝከታተሉ ዘለው ኮይኖም ቅድም ክብል ተመሳሳሊ ስልጠና ዝወሰዱ ከኣ ንተግባራዊ ስራሕ ናብ ምብራቕ ክፍሊ ሱዳን ተዋፊሮም'ዮም።

ስርዓት ኢሳይያስ ቅድም ክብል ናብ ሱዳን ኣትዮም መኪና ንዘቃጸሉን ንብረት ራስዮም ዝመጹን ኣባላት'ቲ ዕጡቕ ጉጅለ ብነፍሲ ወከፍ ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ ሽልማት ከምዝሃበ ድማ'ቲ ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

'ቲ ጠላም ጉጅለ ዓቅምታቱ ማህሚንዎ ክነሱ ንሃገራዊ ውራያት ንጎኒ ጎስዩ ብምሕላፍ ናይ ጎረባብቲ ሃገራትን ናይ ዞባናን ሰላምን ምርግጋእን ንምዝራግ ዓቅሊ-ጽበታዊ ምንቅስቃስ ኣብ ምግባር ተጸሚዱ ምህላው ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኮይኑ ከምዘሎን እዚ ንዕጡቃት ምብራቕ ሱዳን ዝህቦ ዘሎ ተልእኾ'ውን ናቱ መቐጸልታ ከምዝኮነ ሓበሬታ እሙናት ምንጭታትና የረጋግጽ።

---------------------------------------------------------//////------------------
------------------------------

***09/06/2009***

## *ስርዓት መላኺ ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊ ጋዜጠኛታትን ስነ-ጥበባውያንን ዘቕንዐ ናይ ማእሰርቲ ወፍሪ ዘሰንበዶም ልዕሊ ዓሰርተ ጋዜጠኛታትን ስነ-ጥበባውያንን ናብ ስደት ይበታተኑ ኣለው።*

ስርዓት ኢሳይያስ ናይ ፕሮፓጋንዳ ዓቕምና ማህሚኑ'ዩ ዓመት መጸ ዓመት ንመዓልቲ ናጽነትና'ኳስ ብዝግባእ ክወዓዋዕ ኣይክኣለን ናብ ዝብል መደምደምታ ስለዝበጽሐ ንብዙሓት ጋዜጠኛታትን ስነ-ጥበባውያንን ብወፍሪ ይኣስር ስለዘሎ በዚ ዝሰንበዱ ጋዜጠኛታትን ስነ-ጥበባውያንን ናብ ፈቖድኡ ይበታተኑ ምህላዎም እሙናት ምንጭታትና ኣረጋጊጾሙልና ኣለው።

ብመሰረት'ዚ ኣብ መገዲ ኣየር ኤርትራ ሓላፊ ጸጥታ ዝነበረ ገጣምን ደራሲ ዜማን ኢዮብ ወልደገብርኤልን ናይ ኤርትራ ፕሮፋይል መዳለዊ ዝነበረ ዳንኤል ዓንደሚካኤልን ዝርከብዎም ኣብ ቲቪን ምድላው ጋዜጣን ዝነበሩ ሓሙሽተ ጋዜጠኛታትን ካልኦት ተመሳሳሊ ኣሃዝ ዘለዎም ስነ-ጥበባውያንን በቲ ስርዓት ኢሳይያስ ዝገብሮ ዘሎ ወፍሪ ማእሰርቲ ተሰናቢዶም ናብ ፍቖዶ ሃገራት ተበታተቲኖም ኣለው።

እዞም ልዕሊ ዓሰርተ ጋዜጠኛታትን ስነ-ጥበባውያንን ናብ ሃገራት ሱዳን፡ ሊብያ፡ ዓባይ ብሪጣንያን ስዊዘርላንድን ከምዝኣተው ድማ ተፈሊጡ'ሎ።

ስርዓት ኢሳይያስ ብሓገዝ ኣልጀዚራ ካብ ከረን ክሳብ ዓሰብ ሬድዮ ኤፍ ኤም ዘርጊሑ ነቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ክዓባብጥን ህዝቢ ከደናግርን ላሕ ይብል'ኳ እንተሃለወ ጋዜጠኛታት ዜጋታት ብኩለንተና'ቲ ጉጅለ ተስፋ ስለዝቆረጹን ንዕግበት'ቲ ጉጅለ ተባሂሉ ንዝውሃቦም ተቐባልነት

**ዘይብል ሓበሬታ ከሕልፉ ይግደዱ ስለዘለውን ኣብ ስራሕ ብምልጋም ዝግለጽ ተቓውሞታቶም የስምዑ ከምዘለው'ቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ወሲኹ ኣመልኪቱ።**

**----------------------------------------------------------///////--------------------**

**------------------------------**